
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ውልደት ቤተ-ክርስትያን

ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest, Alastair Paterson


ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣






ኢየሱስ ምስ ሞተ እቶም ብፍርሂ እተዋሕጡ ተኸተልቱ ተሓብኡ፥ ኢየሱስ ካብ ምዉታት ምስ ተንስአ ህያው ከም ዝኾነ ኢዩ ንደቀ መዛሙርቱ ርእሱ ገልጸሎም፡ እንተኾነ ግን ገዲፍዎም ናብቲ ኹሉ ግዜ ምስ ኣቦኡ ኣምላኽ ዝነብረሉ ሰማይ ክምለስ መደበ።



ኢየሱስ ቅድሚ ምኻዱ ነቶም ተኸተልቱ እቲ ዘጽናንዖም፡ ዝረድኦምን መንፈስ ኣምላኽ ከም ዝልእኮሎም መብጽዓ ኣተወሎም፡ (ዮሃ 15፡26) እቲ ግዜ ድማ ቐሪቡ ነበረ! ኢየሱስ ድሕሪ ምኻዱ ድማ ድሕሪ ሒደት መዓልትታት መንፈስ ቅዱስ መጸ ።


3

ሚእትን ዕስራን ዝኾኑ ሰዓብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤት ሓቢሮም እንዳ ጸለዩ፡ ሃንደበት እታ ቤት ድምጺ ብርቱዕ ንፋስ ብዝመስል ሓይሊ ተመልአት በዚ መንገዲ ድማ እቲ ምምጻእ መንፈስ ቅዱስ ተፈጸመ።




4

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ድማ ሃልሃልታ ዝመስል ሓዊ ዓረፈ፡ ከምቲ ኢየሱስ ዝሃቦ መብጽዓ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ተመልኡ።



5

እቶም ሰዓብቲ ኢየሱስ ኣብ ጐደናታት ብምውጻእ ቅድሚ ሕጂ ተማሂሮምዎ ብዘይፈልጡ ቛንቋታት ክዛረቡ ጀመሩ፡ እቶም ናብ ኢየሩሳሌም ዝመጹ ኣጋይሽ ድማ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ዝገበሮ ዓብይ ተኣራት በብቛንቛኦም ኪዛረብዎም ከለው ሰምዑ፡ በዚ ነገር ድማ ኣዝዮም ተገረሙ፡ እዚ ነገር እንታይ እዩ፡ ኢሎም ድማ ሓተቱ፡ ካልኦት ግን ብሓድሽ ወይኒ ኢዮም ሰኺሮም፡ ኢሎም ኣላገጹሎም።




6

ጴጥሮስ ግና እዞም ሰባት ኣይሰኸሩን፡ ነብዩ ኢዮኤል ብዛዕባ እዚ ቅድሚ ነዊሕ ግዜ ክምዚ ኢሉ ተዛሪቡ ‘’ መንፈስ ቅዱስ ንሰባት ክባርኾምን፡ ክረድኦምን ከም ዝመጽእ ኣምላኽ ተስፋ ሂቡ ነይሩ ኢዩ እናበለ ኣዘኻኸሮም ።



7

ጴጥሮስ ነቶም ህዝቢ ኻብ ሓጢኣቶም ክምለሱን ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ኪጥመቑን ከም ዘለዎምን ‘’ውህበት መንፈስ ቅዱስ ከም ዝቕበሉ’’ ተዛረቦም፡ ኣስታት 3000 ሰባት ድማ ተኣዘዙን ምስቶም ደቀ መዛሙርቲ ሓቢሮም ድማ ን ኢየሱስ ክመልኹ ጀመሩ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድማ ናብቲ ድሕሪ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ዝጀመረት ቤተ ክርስትያን ኣምላኽ ሰባት ይውሰኹ ነበሩ።




8


መንፈስ ቅዱስ ድማ ሓይሉ ኣብ ህይወት
እቶም ሰባት ይገልጾ ነበረ፡ ሓደ መዓልቲ
ጴጥሮስን ዮሃንስን ኣብ ናይ ጸሎት ግዜ
ብሓባር ናብ ቤተ መቕደስ ደየቡ፡ ሓደ ሓንካስ
ለማኒ ኣብ ኣፍ ደገ እታ ቤተ መቕደስ ኮፍ
ኢሉ ይልምን ነበረ፡ ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ከኣ
ገንዘብ ኪወሃቦም ሓተቶም ።
9


ሽዑ ጴጥሮስ "ወርቅን ብሩርን
የብለይን፣ እቲ ዘሎኒ ግን እህበካ
ኣለኹ፡- ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ
ናዝራዊ ተንሲእካ ተመላለስ" በሎ፡
ብየማነይቲ ኢዱ ወሲዱ ድማ
ኣልዓሎ፡ ንሱ ድማ ተንሲኡ
ተመላለሰ፡ እንዳዘለለን፡ ን ኣምላኽ
እንዳ ኣምለኸን ድማ ምስኣቶም
ናብ ቤተ መቕደስ ኣተወ ።
10


ብዙሓት ህዝቢ ድማ በቲ ተኣምር ተገረሙ ተኣከበ፡ ጴጥሮስ ነቲ ስንኩል
ዘሕወዮ ሓይሊ ኣምላኽ ደኣ እምበር ናብ ባዕሉ ዓቅሚ ነዚ ስንኩል ከም
ዘየሕወዮ ነገሮም፡ ነቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኣይሁድ ኣምላኽ ንኢየሱስ ካብ
ምዉታት ከም ዘተንስኦ ምስ ኣዘኻኸሮም
እቶም መራሕቲ ቤት መቕደስ ብቑጥዓ
ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ሒዞም ኣብ ቤት
ማእሰርቲ ኣእተውዎም፡ ይኹን
እምበር ኣስታት 5000
ሰብኡት ብኢየሱስ ኣመኑ።
11


ንጽባሒቱ ጴጥሮስን ዮሃንስን ኣብ ቅድሚ መራሕቲ እቲ ቤተ መቕደስ ደው
ኣበልዎም፡ እቶም መራሕቲ ድማ፡ በኣየናይ ሓይሊ ወይስ ስም ኢኹም እዚ
ዝገበርኩምም፡ ኢሎም ሓተትዎም፡ ጴጥሮስ ድማ ብትብዓተ ተመሊኡ ‘’
ብስም እቲ ዝሰቐልኩምዎ ኣምላኽ ግን ካብ ምዉታት ዘተንስኦ ኢየሱስ
ክርስቶስ ናዝራዊ ኢዩ ኣብ ቅድመኩም እትርእይዎ
ዘለኹም ሰብኣይ ደው ዝበለ ኢሉ መለሰሎም።
12


ጴጥሮስ ብምቅጻል ብትብዓት፡
ክንድሕነሉ ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ
ትሕቲ ሰማይ ኣይተዋህበን፡ እቶም
መራሕቲ ግን እቲ ህዝቢ ብኢየሱስ
ኪኣምኑ ስለ ዘይደለዩ ንጴጥሮስን
ንዮሃንስን "ካብ ሕጂ ንሰብ ብስም
ኢየሱስ ኣይትዛረቡ፡ ኢሎም
ኣፈራርሕዎም።
13


ጴጥሮስ ቅድሚ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ስለ ኢየሱስ
ደው ምባል ፈሪሑ ነይሩ፡
ሕጂ ግን ክፈራርሖ ዝኽእል
ዝኾነ ነገር የልቦን።
ጴጥሮስን ዮሃንስን ከኣ፡
"ካብ ንኣምላኽ፡ ን
ኣኻትኩም ምስማዕ
ዝበልጽ እንተ ድኣ ኮይኑስ
ባዕልኹም እስኪ ፍረዱ
በልዎም፡ ስለዚ ንሕና
ብዛዕባ እቲ ዝረኣናዮን
ዝሰማዕናዮን ካብ
ምዝራብ ክንሓድግ
ኣይከ ኣለናይ ኢዮ
በልዎም።
14

እቶም መራሕቲ
ቤተ መቅደስ ድማ
ንጴጥሮስን ንዮሃንስን
ብምፍርራሕን መጠንቀቕታን
ፈትሒዎም፡ እዞም ተባዓት
ኣገልገልቲ ኣምላኽ
ንብጾቶም ብዛዕባ እቲ ኣብ
ቤት ማእሰርትን፡ እቲ ፍርድን
ንብጾቶም ነገርዎም፡ ድሕሪኡ
ጸሎትን ውዳሰን ገበሩ፡ ኣብቲ
ግዜ እዚ ውን ናይ መንፈስ ቅዱስ
ንህዝቡ ሓይሊ ይ ይመልኦም ነበረ፡
እታ ህጻን ዝነበረት ቤተ ክርስትያን
ድማ እንዳ ዓበየት ትኸይድ ነበረት።





ውልደት ቤተ-ክርስትያን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ግብሪ ሓዋርያት 1 - 4

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ።" መዝሙር 119፤130



# መፈጸምታ

55 60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16